ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ጀርመን ም.ማ.　　المجلس الوطني للارتريين في ألمانيا

ZENTRALRAT DER ERITREER IN DEUTSCHLAND e.V.

# ኣቶ የማነ ገብርኣብ ኣማኻሪ ፕረዚደንት ፡ ኣብ ሃገረ ጀርመን ሰፊሕ ሰሚናር ኣካይዱ

ኣማኻሪ ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ የማነ ገብርኣብ፡ ንህልው ኩነታት ሃገረናን ከባቢናን ዓለምን ኣመልኪቱ፡ ንኤትራውያን ተቐምጦ ሃገረ ጀርመን ሰፊሕ ሰሚናር ኣካይዱ።

ኣብዚ ብዕለት 16.10.2021 ዝተኻየደ ህዝባዊ ሰሚናር፡ ካብ ኩሉ ክፋላት ጀርመን ዝመጹኡ ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ተሳቲፎሞ።

ኣርእስቲ ሰሚናር፡ ኣብ ኣርባዕተ መሰረታውያን ኣርእስትታት ዘተኮረ ኮይኑ፡ ዝርዝራዊ መግለጺ ቀሪቡ።

1ይ ሃገራዊ ረብሓን ድሕንነትን

2ይ ፖለቲካውን ዜናውን

3ይ ዲፕሎማስያዊ

4ይ ቁጠባዊ

መልእኽቲ ሰሚናር፡ መንግስቲ ቀዳምነት ሂቡ ዝሰርሓሎም ዘሎ ሃገራዊ ጉዳያት፡ ህዝቢ ብግቡእ ክርዶኦምን ምስ መንግስቱ ኢድን ጓንትን ብምኻን ድማ፡ ሎሚ ከም ትማሊ መኸትኡ ብልዑል ሃገራዊ ወኒ ከራጋግጽ ዝጽውዕ ኢዩ።

ኣቶ የማነ መሰረት ኩሉ ዓወታትና - ንቑሕን ውሁድን ስጡምን ኣድማዒን ሃገራዊ ውዳቤታትናን ንጥፈታቱን እዩ፡ ኣብ እዋን ቃልሲ ንናጽነትን ምኽባር ልኡላውነትን ተኣምር ዝሰርሐ ሓይሊ፡ ንኣቲናዩ ዘሎና ሓድሽ መድረኽ ብዝምጥን ውዳቤን ንቕሓትን ሓዲሽ ታሪኽ ክንሰርሕ ዝዓግቶ ከም ዘየለ ኣስሚሩሉ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ የማነ ካብ ተሳተፍቲ ንዝቐረበሉ ሕቶታት መልሱን ርኢቶታት ህዝቢ ሰሚዑን።

ተሳተፍቲ ሰሚናር ኣብ ልዕሊ ሃገሮም ብዘለዎም ኣኽብሮት ከም ወትሩ ኣብ ጎኒ መንግስቶም ኮይኖም ንኹሉ ድልዋት ምዃኖም ብምግላጽ ሰሚናር ብልዑል ሃገራዊ ወኒን መንፈስን ብዓወት ተዛዚሙ።

ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን ሃ/ሽማግለ ኤርትራውያን ጀርመን　　　　ዕለት 17-10-2021